Skolverket

ናብ
ወለዲ/መዕበይቲ ተመሃሮ 3ይ ክፍሊ
ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታን ቤት ትምህርቲ ሳመን
ወይከኣ ኣብ 4ይ ክፍሊ ኣብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ

# ሃገራዊ መርመራ

ሰላም!

እዛ ደብዳበ ትመጸኩም ዘላ ምኽንያት፡ ኣብዚ ወቕቲ ጽድያ፡ ብሕሳብ፡ ብሽወደንኛን ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋን ሃገራዊ መርመራ ዚገብር ተመሃራይ ውላድ ስለ ዘሎኩም'ዩ።

## ተመሃሮ ስለምንታይ ሃገራዊ መርመራ ከም ዝገብሩ ተጌሩ፧

ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታን ቤት ትምህርቲ ሳመን 3ይ ክፍሊ ዚመሃሩ ከምኡውን ኣብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ 4ይ ክፍሊ ዚመሃሩ ተመሃሮ ሃገራዊ መርመራ ኪገብሩ ኣለዎም። እቶም መርመራታት፡ ንምዕሩይን ርትዓውን ገምጋም ፍልጠት ተመሃሮ ንኺድግፉ'ዩ እቲ ዕላማ። እቶም መርመራታት፡ መምህር ብመሰረት እቶም ኣብ መደብ ትምህርቲ ዘሎ ጠለብ ፍልጠት ምጋም ፍልጠት ተመሃሮ ኪገብር ከሎ ደገፍ ንኺኾንዎ እቲ ሓሳብ።

እቶም መርመራታት፡ ብተልእኮ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨርከት) ኣብ ስቶክሆልም ዩኒቨርሲቲን ኡፕሳላ ዩኒቨርሲቲን ይህነጹን ይምዕብሉን። ኣብቶም መርመራታት ዘለዉ ሕቶታት፡ ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ዘለዉ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ኣብያተ ትምህርቲ ተፈቲኖም'ዮም። እዞም መርመራታት ኪዳለዉ ከለዉ፡ ተመሃሮን መምህራንን ዝሃብዎም ርእይቶታት ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም'ዮም።

ትሕዝቶን ቅርጽን መርመራታት ኪውሰን ከሎ፡ ኣብቶም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርቲ ዘለዉ መደባት ትምህርቲ'ዮም ከም መበገሲ ዚኾኑ። ግን ኵሉ ኣብ መደብ ትምህርቲ ዚጥርነፍ፡ ኣብ ሓደ መርመራ ምምዛን ኣይከኣልን'ዩ። ከምዚ ዝዓይነቱ መርመራ፡ ኣዝዩ ገፊሕ ምኾነ።

ሃገራውያን መርመራታት ካብ ሓደ ፍሉይ ኣገባብ ስራሕ ዝነቕሉ ወይ ኣብ ፍሉያት መጋበርያታት ትምህርቲ ዚምስረቱ ኣይኮኑን። ኣብዞም መርመራታት፡ ዘሎዎም ፍልጠት ብዝተፈላለዩ ኣገባባት የርእዩ።

## እዞም መርመራታት መዓስ ኪወሃቡ'ዮም፧

ሃገራዊ መርመራታት ብዝተፈላለዩ ክፋላት ዝቈሙ'ዮም። እቶም መርመራታት ኣብ ወቕቲ ጽድያ ኣብ መበል 11-20 ሰሙናት ይግበሩ፤ ግዴታውያን ከኣ'ዮም። እቶም ዝተፈላለዩ ክፋላት መርመራ ኣብቲ ወቕቲ መዓስ ይግብሩ ዚውስን እቲ ቤት ትምህርቲ'ዩ። እቲ ሓሳብ፡ እዞም መርመራታት፡ ኣብቲ ወቕቲ ክሳዕ ዝተኻእለ መጠን ክፋል ናይቲ ዚወሃብ ትምህርቲ ንኺኾኑዩ።

## እቶም መርመራታት ከመይ ይግምገሙ፧

ኣብ ምግምጋም ሃገራዊ መርመራ ዘገልግሉ፡ መምህራን ኪኽተልዎም ዘለዎም ብዝርዝር ዝተገልጹ መምርሕታት ኣለዉ።   መምህር ብድሕርዚ ኣብ ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ሓፈሻዊ ገምጋም ፍልጠት ተመሃሮ ኪገብር ከሎ፡ ነጥቢ ኣብ ዚውስነሉ እዋን ንውጺኢት ናይቲ መርመራ ኣብ ግምት የእቱ።

## ምእካብ ውጽኢት

ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨርከት)፡ ምስ ቤ/ጽ ስታቲስቲክስ ሽወደን (SCB) ብምትሕብባር፡ ካብ ሃገራውያን መርመራታት ዝተረኽቡ ውጽኢታት ይእክብ። ምእካብ ውጽኢት መርመራ፡ ኣብ ምግምጋም ኣብያተ ትምህርቲ የድሊ፤ ግን ብተወሳኺ'ውን ኣብ ምትንታን ውጽኢታት ሃገር፡ ኮሙናትን ብሕታውያን ኣብያተ ትምህርትን የድሊ።

Skolverket

## እዞም መርመራታት እንታይ ትሕዝቶ ኣሎዎም፧

ሃገራውያን መርመራታት ሓባራዊ ቴማ ኣሎዎም። እቲ ቴማ፡ ካብ ዛንታ ኖቫን ትሮይን ዝነቐለ'ዩ። ዕላማ ናይቲ ዛንታ፡ ንጸቕጢ ሃዋህው መርመራ ንምንካይን፡ ንተመሃሮ ኪቃለሉም ንምሕጋዝን'ዩ። ድሕሪ ነፍሲወከፍ ክፋል ፈተና፡ ሓደ ክፋል ስእልን ጽሑፍን፡ ኣብቲ ነቲ ዛንታ ዚምልከት ክላስ ኣብ ሓደ ፖስተር ይጥቃዕ። ኩሉ ክፋላት በቦትኡ ምስ ሓዘ፡ እቲ ናይቶም ክልተ ቆልዑ (ኖቫን ትሮይን) ዛንታ'ውን ኣብ መዛዘሚ በጺሑ፡ ተመሃሮ ከኣ መርመራ ወዲኦም ኣለዉ ማለት'ዩ።

## ሕሳብ

ሃገራዊ መራመራ ሕሳብ፡ ተመሃሮ ብውልቂ ዚፈትሕዎ ጽሑፋዊ ሕቶ፡ ከምኡ'ውን ተመሃሮ ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ዚፈትሕዎ ናይ ቃል ሕቶ ዝሓዘ ብዝተፈላለዩ ክፋላት መርመራ ዝቘመ'ዩ። ኣብ ክልቲኡ፡ ማለት ኣብ ጽሑፋውን ቃላውን ሕቶ፡ ተመሃሮ ኪገልጹን ኪማጐቱን ከም ዚኽእሉ፡ ብሕሳባዊ ኣገባብ ብኸመይ ከም ዚሓስቡን ብቕዓቶም ከርእዩ ዕድል ይረኽቡ

## ሽወደንኛን ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋን

ሃገራዊ መርመራ፡ ንኽልቲኦም ዓይነታት ትምህርቲ ሽወደንኛ ብሓባር ዚምልከት ኮይኑ ናቱ ክፋላት መርመራ ዝሓዘ'ዩ። ተመሃሮ ብውልቅን ብጉጅለን ዚፈትሕዎም ሕቶታት ኣለዉ። በዞም ዝተፈላለዩ ሕቶታት፡ ኣብ መዳያት ክእለት ምዝራብ፡ ምዝታይ፡ ምንባብን ምጽሓፍን ተመሃሮ ፍልጠቶም ከርእዩ ዕድል ይረኽቡ።

## ታሪኽ ፍልጠት ተመሃራይን ርእሰ-ገምጋምን እንታይ ማለት'ዩ፧

ተመሃራይ ኣብ ሃገራዊ መርመራ ዚረኽቦ ውጽኢትን ገምጋም መምህር ኣብ ዝተረፉ ትምህርታውያን ዕማማትን፡ ኣብ ታሪኽ ፍልጠት ተመሃራይ ብጽማቕ ኪቐርብ ይኽእል'ዩ። ነዞም ሰነዳት፡ ኣብ እዋን ዘተ ምዕባለ ተመሃሮ ከም መመርኰሲ ምጥቃም ይከኣል'ዩ።

ኣብ ነፍሲወከፍ መርመራ፡ ተመሃሮ ኣብ ፍልጠቶም ዚሓስቡሉን፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ዓይነት ትምህርቲ ብቕዓቶም ዚገልጹሉን ክፋል ርእሰ-ገምጋም ኣሎ። ሽዑ እቲ እሰ-ገምጋም፡ ምስቲ ናይ ተመሃራይ ኣብቲ ዓይነት ትምህርቲ ዘሎዎ ታሪኽ ፍልጠት ይነጻጸር፤ ኣብ ዘተ ምዕባለ ከኣ ይዝተየሉ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ይርከብ፧

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሃገራዊ መርመራ ኣብ መካነ-መርበብ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨ̈ርከት) ኣሎ።

www.skolverket.se/bedomning

www.skolverket.se/garanti-tidigt-stod

ካብ መርመራ ዝተወስዱ ኣብነታት ሕቶ ዚመርሑ ሓበርቲ መንገዲ'ውን ኣብኡ ኣለዉ።

## ምስ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨ̈ርከት) ርክብ ንምግባር

nationellaprov@skolverket.se